# መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ ?

(3 ክፋሊ)

## ካብ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ንኤርትራ ከምሓድርሲ ንወጠጦ ሓላዊ ጃርዲን ክትገብሮ ይሓይሽ

ናይ ሎሚ ኣርእስተይ ህርፋን ግንዘብን ስልጣንን ናይ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኢዩ።

ዳርጋ ሓደ ሰሙን ከረን ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ቅድሚ ምትሓዛ፡ ኣብ መወዳእታ 1978 ሰሜናዊ ግምባር ፈሪሱ ነይሩ ኢዩ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ እውን ነቲ ግምባር ክከላኸሎ ከም ዘይክእል ፈሊጡ ነይሩ ኢዩ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ ንድፋዕ ዓዲ-ያዕቆብ (ብርጌድ 8) ኣበርቲያም ክድብድብዎ ምስ ጀመሩ፡ ብወገንና ወገን እምባደርሆ፡ ገረሚ እውን ይድብድቡ ነይሮም ኢዮም። ግን ኣይ ከም ዓዲ-ያዕቆብን። ብወገን ዓዲ-ያዕቆብ ዝነበረ ኣብኡ ዝውዓሉ ይንገሩና ብወገንና ዝነበረ ኣነ ክነግረኩም። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ግንዘቡን ሓይሉን ጥራሕ ስለ ዝዓጠጦ ታንክታቱን ከቢድ ብረትን ብለይቲ ከህድሞ ቀነየ። ብወገን ኢትዮጵያ ኣነ ከም ዝርኣኹዎ ንመጀመርያ ግዜ ብዝሒ ታንክታቱን ከቢድ ብረትን ካብ ወተሃደራት ዝያዳ ይርአ ነበረ። ንሕና ብፎክስቲ ብረትን ኣርፒጂን ጥራሕ ንዋጋእ ነበርና። ነፈርቲ ኢትዮጵያ ዝቃወመን ሓይሊ ስለ ዝሰኣና በጥ ቢለን ናፓልምን ካልእ ማእለያ ዘይብሉ ቦምባታትን ይድርብያ ነበራ። ብማሺንጋን(ፋክረስ) እውን ይትኩሳ ነበራ። ሓንቲ ኣብ ጥቓኣ ዝነበርናላ ገዛ ኣነ ብዓይነይ ብናፓልም ክትነድድ ርኣኹዋ ፈረሰት እውን። ቁሩባት ተጋደልቲ እውን ኣብኣ ቆሰሉና። ኣነ እውን ናፓልም ኣብ ክዳውንተይ ፈሰሰኒ እሞ ጁባይ ደርብየ ኣብ መሬት ተገላቢጠ ድሓንኩ። ናይ እቶም ፓይሎታት (መራሕቲ ነፈርቲ) ገጻት ንርእዮ ነበርና።

ክንከላኸሎም ዘኽእል መሳርያ ስለ ዘይነበረና ክንሃድም ተገደድና። ኣነ እኳ ብጾተይ ምሳይ ዝነበሩ መሲሉኒ እምበር (ጅግና ኮይነ ዘይኮንኩ) ዳርጋ ክሳብ ጠያይቲ ዝውዳእን ጸላኢ ጥቓይ ክሳብ ዝቐርብን ተኮስኩ። ግና ሓደ ብወተሃደራዊ መልክዕ ክትርእዮ ከሎኻ ሓደ ተባዕ መራሒ ቦጦሎኒ ነበረኒ። ስሙ ወረደ (ሳንእ ኳንደባ)፡ ቀደም ኮማንዶስ ዝነበረ፡ ኣብ ውግእ በለዛ (መራሒ-ሓይሊ ነቢሩ) ብጥቓ የማነይቲ ዓይኑ ጥይት ሸፈፍ ኣቢላቶ ዝነበረት፡ ኣድሓነኒ። ጠባይ ወረደ ኣብ ምህኻም ብቕድሚት ኣብ ምህዳም ብድሕሪት ምዃን ስለ ዝነበረ ኣነ ንበይነይ ክትኩስ ምስ ሰምዓኒ ናባይ መጺኡ ኣድሓነኒ። ንሱን ኣነን ንኳንደባ (ይመስለኒ) ገጽና እናሃደምና ክልተ ካልኦት ውን ተሓወሱና።ጎድኒ-ጎድንና ክኣ ብሙሉኦም እቶም ኣብ ኣፍደዩ

ዓሪዶም ዝነበሩ ተጋደልቲ ዝሃድሙ ነበሩ። ግና ጸላኢ እቲ በራርኸ ናይ ኣፍደዩ ሓዞ እሞ፡ ብላዕሊ ነፈርቲ ብማዕዶ ከቢድ ብረት ብሕቖና ክኣ ወተሃደራት ተመልከተለይ እናበሉ ይቐትሉና ነበሩ። ዝተወግኣን ዝሞተን ኣዲኡ ትቑጽሮ፡ ዛሕዚሕናዮ ከድና። ካብቶም ኣርባዕተ ዝነበርና እውን ክልተ ሞቱና። ኳንደባ (ይመስለኒ) በጺሑ ከውሊ ዝረኸበ ሓይሊ ተጋደልቲ  እውን" ተዳሂሉ ስለ ዝነበረ ዳርጋ ፋሕ-ብትን ኣተዎ።

መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ "ምስ ሓይልናን ንብረትናን ኣዝሊቕና" ይብል። ስለ ምንታይ ግና ሓጸዉን ክሃድም ከሎ ተጋደልቲ ምስኡ ኣየዝለቑን? እቲ መልሲ ቀሊል ኢዩ። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ንከተማ ከረን ክሳብ ዚንጎታታን መሳምራን ከይተረፈ ንክሰርቃ ግዜ ኣድልይዎ ነይሩ።ተጋዳላይ ኤርትራ ግና ክንዲ ዋጋ ዚንጎን መሳምርን ስለ ዘይቁጸር በጃኡ ሓለፈ።

ኣብ ንሕና ንዕወተሉ ዝነበርና ግዜታት እውን ጸላኢ ምቕታል ጥራሕ እኹል ኣይነበረን። እታ ብረቱ ንክትወስድ ከኣ ሕይወት ተጋዳላይ ይኽፈል ነበረ። ብወገን ጸላኢ ጥይት ኣይዓቑሩን ነይሮም ጥራሕ ዘይኮነስ ንሓደ ኣብ ድፋዕ ዘሎ ተጋዳላይ ክቐትሉ ኣርፒጂ ይሰዱ ነበሩ።

በዚ ምኽንያት ክኣ ነቲ ተጋዳላይ ምስ ድፋዑ ይብትንዎ ነበሩ። ሓደ ግዜ ክልተ መራሕቲ ጋንታ ከምዚ ዝስዕብ ቢሎም ከዕልሉ ሰማዕኩዎም።

"እታ ኩርባ (ታባ) እተዉዋ እንተ ተባሂልናስ ብዙሕ ፈንጂ (ነታጉታት) እኮ ኢዩ ዘሎዋ" በሎ። እቲ ካልኣዩ "እንታይ ኢዩ እሞ ጸገሙ? ሓንቲ መስርዕ ዘይነኣትዉሉ" ቢሉ መለሰሉ።

እዞም ክዛረቡ ዝሰማዕኩዎም መራሕቲ ጋንታ ኢዮም ነይሮም። ሓንቲ ጋንታ ካብ 30 ድሕሪ ውግእ ክሳብ 90 ተጋደልቲ ኣብ ግዜ ሰላም ነበርዋ። ስለዚ እታ ጋንታ 60 ተጋደልቲ እንተ ነቢሮማ፡20 ተጋደልቲ ምኽፋል "እንታይ ኢዩ እሞ ጸገሙ" የብል ነቢሩ ማለት ኢዩ። እንድሕሪ እቲ ስርዓት መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብከምዚ ዓይነት ቅዲ-ኩናት ይሰርሕ ነይሩ።

33% ናይ ተጋደልቲኻ ንፈንጂ ምቕላብ ቅቡል ነገር ነቢሩ ማለት ኢዩ።

መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ብርግጽ ብከምዚ ዓይነት ቅዲ-ኩናት ኢዩ ይሰርሕ ነቢሩ ቢለ ይኣምን።

ብሓጺሩ፡ ንብረትኩም ቆጥቡ፡ ኣይትሕመሙ፡ ጥመዩ፡ ዕረቑ ፧ ንብረት ጸላኢ ንምዝማት ህይወትኩም ክፈሉ... ወዘተ ዝብል ስርዓት፡ ሃቡ እምበር እንኩም ዘይፈልጥ፡ ብንግሆኡ ንህዝቢ ኤርትራ ከባሪ(ጊላ ኘኸገብሮ) እምበር ነጻ ከውጽኦም መደብ ኣይነበሮን።

ንጉሥ ሃይለ ስላሴ "ኤርትራ፤ መሬታ እምበር፤ ህዝባ ኣየድልየኒን ኢዩ" በለ።መደብ ንጉሥ ኢሳያስ ክኣ ህዝቢ ኤርትራ ኣጽኒቱ ኤርትራ ክኣ መቓብሩ ክገብራ ንርእዮ ኣሎና።ገለ ሰባት፡ "እሞ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ከምኡ እንተ ዘይገብር እኮ ነጻነትና ኣይምረኸብናን" ክብሉ ንሰምዕ።

ክሰርቀኒ ዝርኣኹዎስ ክህበኒ እነይኣምኖ ዝብሃል ምስላ ከም ዘምህረና፡ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ታተ ክብል (ኣብ እግሪ ምትካሉ) ከሎ ግፍዒ ምፍጻም ስለ ዝጀመረ፡ ብእኡ ናጽነት ኣይመጸን ብድሕሪ ሕጂ እውን ኣይክመጽእን ኢዩ።

ልክዕ፡ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ብደም ህዝብናን ተጋደልቲናን ንገዛእቲ ኢትዮጵያ ሰጕጕዎም ኢዩ። እቲ ንገዛእቲ ሓይሊ ኢትዮጵያ ዝሰጎጎ ህዝቢን ተጋዳላይን ሎሚ  ንሱ ንገዛእ ርእሱ ኣደዳ ናይ መግዛእቲ

ህ.ግ.ደ.ፍ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ትርጉም ናይ ናጽነትን ሓርነትን ግና ብምስጓግ ዘይኮነስ ብምቕባል፣ ብምፍራስ ዘይኮነስ ብምንዳቕ፣ ብምሕዳግ ዘይኮነስ ብምሃብ ኢዩ ዝግለጽ። ብምስ "ጸላእትና" ዘሎና ጽልኢ ዘይኮነስ ብምስ ህዝብና ዘሎና ፍቕሪ ኢዩ ዝግለጽ።

ስለዚ ክቡር ህዝቢ ኤርትራ, ተጽግበኒ ቅጫስ ኣብ ሞቕሎኣ ከላ ይፈልጣ ከም ዝብሃል ተንስእ ተበራበር። ናይ ዝዕም ምባል ግዜ ኣይኮነን። ካብ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ፍትሒ ኣይትጸበ።

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትናን "ሰለይቲ" ተባሂሎም ዝተቐትሉ ኣሕዋትናን
ሰላምን ፍትሒን ንህዝብናን እሱራትናን
ውድቀት ንልጅ ኢሳያስን ደቀ መዛሙርቱን

ይቕጽል........።

ሓጎስ ወልዱ